TIGRINJA



# ቆጸራ ክታበት ኮቪድ-19 ባዕልኹም ክትሕዙ ኣይከኣልኩምን’ዶ፧ – ስለዚ፡ ክንሕግዘኩም ንኽእል ኢና!

ንስኹም ወይ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ዝኾነ ሰብ፡ ንዲጂታላዊ መሳለጥያታት ትጥቀሙ የለኹም’ዶ፧ ወይ ውልቃዊ ቊጽሪ መንነት ስዊድን ዘይብልኩም ዲኹም፧ ወይ ኣብ ቛንቋ ጸገማት ኣለኩም’ዶ፧ ስለዚ፡ ኣውራጃ፡ ቆጸራ ኣብ ምሓዝ ሓገዝ ክትረኽብሉ እትኽእሉ ቊጽሪ ተሌፎን ኣለዎ።

**ናብ 0470-58 60 00 ደውሉ።** ኣድላዪ እንተኾይኑ፡ ብስዊድንኛ ወይ እንግሊዝኛ ክድውል ካብ ዝኽእል ዘመድ ሓገዝ ርኸቡ። ቊጽሪ ተሌፎንኩም ብምግዳፍ፡ ኣስተርጓሚ ከምእትደልዩ ሓብሩ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ድማ ክንድውለልኩም ኢና።

ቆጸራ፡ ብቐንዱ ብኦንላይን ዚተሓዝ ስለዝኾነ፡ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ወጺኡ ኣብ ዘሎ ሰዓታት ኽግበር ይከኣል እዩ። ድሮ ቆጸራ ዝሓዝኩም እንተኼንኩም (ንኣብነት፡ ቆጸራ ዳግማይ ንኽትሕዙ) ክንሕግዘኩም ኣይንኽእልን ኢና፣ ኣብ ክንዳኡ ግን ናብ ቦታ ክታበት ከነመሓላልፈኩም ኢና። ዝኾነ ሕክምናዊ ሕቶታት ድማ ክንምልሰልኩም ኣይንኽእልን ኢና።

1177 VÅRDGUIDEN | REGION KRONOBERG